# <u>ወጊሑ?!</u>

**ልቢ-ወለድ**

ኣዕዋፍ ወጊሑ፣ ተስኡ ተስኡ ኢለን ይዝምራ ኣለዋ ከባቢ ሰንዓፈ ዘለው ሓረስቶት ናብ ዓህያይ ክወፍሩ ተለዓሉ። ኣንስቶም ፀባ ምሕላብ ጀመራ። ደቆም ድማ ከብትን ጤለበጊዕን ከዋፍሩ ኣዴታቶም ዝሃበኦም ቁርሲ ሒዞም ይወፁ ኣለው።

ሰንዓፈ ግና ከምተን ከቢበናኣ ዘለዋ ዓዲታት ኣንጊሃ ኣይተአሰትን ዝፅሀ እኽሊ፣ ዝሕለባ ኣላሕም፣ ዝወፍሩ ጓሶት የብላን። ኣብ ሰንዓፈ ካብ ኩሉ ሰብ ሓዳ ሰብኣይ ጥራይ ተሰአ። ክደኑ ተኸዲኑ ኣብ ልዕሊ ዓራቱ ከፍ በለ። እታ ብእግሪ ዓራቱ ተሰቒላ ዘላ ክራሩ ጠመታ፤ ጅማታውታ ተንቀሳቒሰን ገለ ድምፂ ዘስመዐኦ መሰሎ። ክራሩ ኣዉሪዱ ሓቖፋ። ሰብ ከይሰመዐና ኢሎም ሕሹክ ከምዝብሉ ክልተ ፍቑራት ንሱን ክራሩን ሕሹኽ ተበሃሃሉ። ምስ ክራሩ እናተዘራረበ ብሓሳቡ ነዋሕቲ እምባታት ዘለሎም፣ ቀላያት ሓመሰ፣ ኣብ ሰውሕታት ጋለበ።

ሰብ ምትሳእ ምስ ጀመረ ክራሩ ናብታ ዝነበረታ ቦታ መለስ። ንደገ ወፂኡ ነታ በቲ ጎቦታት ቅልቅል ትብል ዘላ መረዓት ንግሆ ፀሓይ ጠመታ። ብቖልዑኡ እንከሎ ብዛዕባ ፀሓይ ክፍልጥ ብዙሕ ይህንጦ ነበረ። ንግሆ ወፂኣ ምሳና ትውዕል። ምሸት ድማ ትኸይድ። ኣብ ከመይ ዝበለ ገዛ ኾን ትሓድር ትኸውን? ኢሉ ንርእሱ ይሓትት ነበረ። ብዛዕባ እንታይነት ኣሰራርሓ ፀሓይ ዝፈለጠ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ ኣተወ እዩ። ሕጂ እውን እንተኾነ ሰለባ ምስ ፀሓይ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ነፈረ። ምስ ወርሒ ኣብ መንጎ ከዋኽብቲ ደቀሰ።

ቁርሱ በሊዑ ናብ መደቀሲኡ ተመለሰ ። ክራሩ ኣውሪዱ እንዳተዘራረቡ ናብ ደገ ወፁ። ክልቲኦም ድማ ዕላል ጀመሩ

ንጉሰየ ንጉሰ
እዛ ዓለም ብላሸየ
ንጉሰ ወደቦየ እልፉ
ጉራደኻ ክልተ ዝኣፉ
ጠበንጃኻ ክልተ ዝኣፋ

ስብእነትካ ሓሊፉ ተሪፉ
ንጉሰየ ንጉሰ…
እዞም ዓድና እዞም ዓያሹ
ሃባ ብዕራይ ኢሎም ከይሓርሱ
ሃባ ፈረስ ኢሎም ከይገሹ
ሃባ መዓር ኢሎም ከይምይሱ
ተኣኪቦም እምበኦም ከፍርሱ
እምባና እምበር እምባ መንዬም ዘፍርሱ
ንጉሰየ ንጉሰ…

ሰለባን ክራሩን በይኖም ከዕልሉ ኣይክኣሉን። ክቓንያ ኢሉ ጅማውታ ስሕብ ስድድ እንዳበለ ቲምቲም ከብላ ከሎ ሰብ ናብኡ ምምፃእ ይጅምር።ቆሪሶም ፀሓይ ክፅለው ዝፀንሑ ዓሳክርን ስልዳቶን ከበቡዎ።

ክራሩ ከሪሩ ደረፉ ደሪፉ ወንኡ ምስ ገለፀ ካብቶም ከቢቦም ክስምዕዎ ዝፀንሑ ሓደ ካብኣቶም "እዚ ንጉሰ ዝበሃል መን እዩ? እንታይከ ዝገበረ ኮይኑ እዩ ከሞዚ ደርፊ ዝወፀሉ?"ኢሉ ሓተቶ።

"ንጉሰ? ንጉሰ መን ምኻኑ ኣይትፈልጦን? ዓዱ ኣብዚ ምሳና እዩ… ማዕዶ ሩባ። ኣዲኡ ኣደይ ኢለን ናይ ኣዴታተን ተራእዩወን ንበይነን ደቂሰን ከለዋ ብሕልሚ ምስ በዓል እንደአን ምስቦይ እልፉ ዝደቀሳ ይመስለን። ተሲአን ሃስስ እንተበላ ግና በይነን ደቂሰን። እንተረኣያ ድማ ኣይፀረያን።

"ሕልመን ነቦይ እልፉ ነገረኦም። ምስ ደቂ ኣሕድርትና ኢኺ ተራኺብኪ፣ ህውከተኛን ደረቐኛን ሓያልን ቆልዓ ክትወልዲ ኢኺ በሉወን። ኣደይ ኢለን ድማ ጠኒሰን ወዲ ወለዳ። ስሙ ከኣ ንጉሰ በለኦ። ከምቲ ኣቦይ እልፉ ዝበልዎ ድማ ንጉሰ ህውከተኛን ደረቐኛን ኮነ።

ክቕፅል እዩ …

ብወዲ ዋዕሮ